ሆስፒታል ሱሑል 2011ዓ/ም ናይ 2ይ ርብዒ በጀት ዓመት ዝተፈላለዩ መድሓኒታትን ናዉቲ ህክምናን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።በዚ መሰረት ነዞም ረቋሕታት እተማልኡ ነጋዶ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥሪ 17, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 30, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 30, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ መድሓኒት ምህርቲ/ ጥዕና ተንከፍ ዝኮኑ ግልጋሎት/ ጥዕና ተንከፍ አቁሑትን ኣክሰሰሪ/

1 መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ዘለዎም

2 ናይ 2011 ዓ/ም ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎም

3 ዝተሐደሰ መቅረባይነት ምስክር ወረቀት ዘለዎምን

4 መረዳእታ መረጋገፂ ብቅዓት ንፁርን ተነባብን ከቅርብ ዝክእል

5 ኣብ ዝምላእ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ምግባር ኣይፍቀድን ከምእዉን ኣብ ሰነድ ጨረታ ማህተምን ፊርማን በዓል ዋና ወይድማ ተጫራቲ ክህልዎ አለዎ። ካብቲ ዝተቀመጡ ዝርዝር መረዳእታ ወፃኢ ክተቅርብ ምፍታን ኣብዘይ ዘፈር ንግድኻን ምውድዳርን ካልኦት ጨረታ ዘዛብዕ ፈተነ ምፍታን ዘይፍቀድ ምኳኑ ዝርዝር መረዳእታ ከይተለወጠ እዚ ትካል ብዘውፀኦ መሰረት ዘቅርብ፤

6 ንመክበሪ ጨረታ ብጥረ ገንዝብ ወይ ብሲፒኦ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ 5000 ቅርሺ ከትሕዝ ዝክእል፤

7 ሰነድ ጨረታ ዘይምለሰ 50.00 ቅርሺ ብምክፋል ካብ ሆስፒታል ሱሑል ክፍሊ ቁፅሪ 34 ደ/ከ/ስ/ዕ/ምም/ር ንብረትን ምዉሳድ ይከኣል::

8 ጨረታ ዝፀንሓሉ እዋን 15/05/2011 ዓ/ም ክሳብ 30/05/2011 ዓ/ም 3:30 ቅድሚ ቀትሪ ብዝተዓሸገ ፖስታ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ክ/ቁፅሪ 34 ደ/ከ/ስ/ዕ/ምም/ር ንብረትን ምእታው ይከኣል። ብተመሳሳሊ ዕለትን ብተመሳሳሊ ሰዓትን ድማ ይዕሸግ።

9 ጨረታ ዝኸፈተሉ ቦታ ኣብ ሆስፒታል ስሑል መአከቢ ኣዳራሽ ኣብቲ ዕለት ማለት 30/05/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀተሪ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት።

10 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዘ ካብ ጨረታ ዝክፈተሉ ግዘ ጀሚሩ ን60 ተከታታልቲ መዓልቲታት ይከዉን::

11 ሰዓራይ ምስ ተነገሮ ኣብ ዉሽጢ 5 መዓልቲ ዉዕሊ ኣሲሩ ብቲ ዝወፀ ዝርዝር መረዳእታ መሰረት ናብ ሆስፒታል ስሑል ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ መፅዓንን መራገፍን ናብ ስቶር ከረክብ አለዎ።

12 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብክፋል ይኹን ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ:: ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስ/ቁ 0344-442566 ወይ 0910-372653/0914-434705 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle